COA Centraal Orgaan opvang asielzoekers | MCA | Gezondheidscentrum asielzoekers | knmt

**ክንክን ጥዕና ኣፍ ንሓተትቲ ዑቕባ**

1. *ኣብ ከመይ ኩነታት እዩ ብሓኪም ስኒ ናይ ምሕካም መሰል ዝህልወኩም?*

ኣዝዩ ብርቱዕ፡ ምስ ምሕያኽ ዝተኣሳሰረ ጸገም ወይ ድማ ከቢድ ቃንዛ ምስ ዝህልወኩም ጥራሕ እዩ ብሓኪም ስኒ ናይ ምሕካም መሰል ዝህልወኩም።

2. *እቲ ኣገባብ ኣሰራርሕሓ ከመይ ይመስል?*

<u>ዕድሜኹም ልዕሊ 18 ዓመት ድዩ?</u>

- ቆጸራኹም ኣኽቢርኩም ኣብ ሰዓትኩም ምጹ። እንተደንጒኹም ግን፡ እቲ ሓኪም ስኒ ግዜ ረኺቡ ክሕግዘኩም ኣይክእልን ይኸውን።
- እቲ ሓኪም ስኒ፡ ህጹጽ ሓገዝ ጥራሕ እዩ ዘበርክት። እዚ ማለት፡ ናቲ ናይ ቃንዛ ወይ ናይ ምሕያኽ ጸገም ጥራሕ እዩ ዝፈትሓልኩም።
- እቲ ሓኪም ስኒ፡ ጸገምኩም ኣብ ሓንቲ ቆጸራ ጥራሕ ክፈትሕ ይፍትን።
- ነቲ ንናይ ቃንዛ ጸገምኩም ንምፍታሕ ዝግበር ወጻኢታት፡ መንግስቲ ሃገረ ኔዘርላንድ፡ መጠኑ ኣብ ዓመት ካብ 250 ኤውሮ ዘይበዝሕ ገንዘብ ይኸፍለልኩም።
- ቆጸራኹም እንተዘይኣኽቢርኩም ከማን፡ ዝኸፈል ገንዘብ ኣሎ። እዚ ገንዘብ፡ ካብ'ቲ ንዓኹም ዝተሓዝኣልኩም ዓመታዊ ባጀት ተቖራጺ ይኸውን።
- ሓኪም ስኒ፡ ጸገምኩም ንምፍታሕ ካብ'ቲ ዝተመደበልኩም ገንዘብ ንላዕሊ ወጻኢታት ኣድልዩ ኮይኑ ምስ ዝረኸቦ፡ ቅድሚ ንዓኹም ሓገዝ ምሃቡ፡ ካብ ትካል ኤም ሴ ኣ ፍቓድ ክሓትት ኣለዎ። ትካል ኤም ሴ ኣ ፍቓድ ምስ ዝህብ፡ ካልኣይ ግዜ ናብ ሓኪም ስኒ ኬድኩም ትሕከሙ። ባዕልኹም ድማ ምስ ሓኪም ስኒ ናይ ካልኣይ ግዜ ቆጸራ ትገብሩ።

<u>ዕድሜኹም ትሕቲ 18 ዓመት ድዩ?</u>

- ኩሉ ናይ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ሓተትቲ ዑቕባ ናይ ሕክምና ስኒ ወጻኢታት፡ ብመንግስቲ ሃገረ ኔዘርላንድ ይሸፈን። እንተኾነ፡ ምእሳር መቐነት፡ ምውታፍ መለጋግቦን ናይ ስኒ ጽገናን ግን ብመንግስቲ ኣይሸፈንን።